**ናይ ዕለቱ ምንባባት ወንጌልን ምስባክን (ዘመነ ልደት፡- ካብ ታሕሳስ ፳፱ ክሳብ ጥሪ ፮፡ ግእዝ።)**

**1ይ ዲያቆን:- ሮሜ** 11፥25-36 (Romans)
**2ይ ዲያቆን:- 1ይ ዮሃ** 4፥ 1-9 (1 John)
**2ይ ካህን:- ግብ** 7፡17-23 (Acts)
**1ይ ካህን:- ማቴ** 2፡1-13 (Matthew)

**ቅዳሴ፡-** ቅ. ድዮስቆሮስ (እምቅድመ ዓለም)
**መዝሙር፡-** ይሰርቅ ኮከበ እምያዕቆብ ወየኣትት ኃጢኣት እምእስራኤል (ካብ ያዕቆብ ኮኾብ ይወጽእ፡ ሓጢኣት እስራኤል ከኣ የርሕቕ)

ኣነውን ቦኽሪ ካብ ነገስታት ምድሪ ልዕል ዝበለ ኪገብሮ እየ፤ ሳህለይ ንዘልኣለም ኪሕልወሉ እየ፤ ኪዳነይውን ከጽንዓሉ እየ። መዝ 89፡27-28።

ወኣነሂ በኩርየ እሬስዮ፤
ወልዑል ውእቱ እምነገስተ ምድር፤
ወለዓለም ኣዐቅብ ሎቱ ሣህልየ።

“Also I will make him [my] firstborn, higher than the kings of the earth. My mercy will I keep for him for evermore, and my covenant shall stand fast with him.” Psalms 89:27-28.

# መድሓኒ ተወልደ



እግዚኣብሐር ዝመደባ መዓልቲ ምድሓን ምስ መጸት (ገላ 4:4) ጸልማት ብብርሃን ዝትክኣሉ፤ ምዉት ህይወት ዝዘርኣሉ፤ ባሕሪ-ሞት ህያው ዝኾነሉ፤ ወዲ ሰብ ዳግማይ ሕዳሴ ዝረኸበሉ እዋን እዩ። ኣብዚ ፍሉይ መዓልቲዚ ንጉስ ቄሳር ናይ ህዝቢ ቆጸራ ብምእዋጁ፡ ኩሎም ናብ ዓዶም ኮይዶም ኪቑጸሩ ስለዝተገብረ፡ ቅ. ድንግል ማርያም ካብ ዘርኢ ንጉስ ዳዊት ብምዃና ናብ ዓዲ ዳዊት፡ ዓዲ ንጉስ ሰሎሞን፡ ቤት ልሔም ከደት። ክርስቶስ ዝተወልደሉ እዋን ከምቲ ነብዩ ሚክያስ ኣቐዲሙ ዝተነበዮ፡ ጸልማት ሓሊፉስ ብርሃን ዝወጸሉ ግዜ ለይቲ ነበረ። ነቲ ሰማይን ምድርን ዘይጸርዎ ፈጣሪ፡ ኣብ ማህጸን ቅድስቲ ድንግል ሓዲሩ፡ ነቲ መላእኽትን ሰራዊት ሰማይን ፍግም ኢሎም ዝሰግድሉ፡ ንጉስ ነገስታት፡ መሕደሪ ስኢኑ ኣብ ደንበ ምስ እንስሳ ሓደረ። ሰባት ነዛ ቅድስቲ ስድራ ዝኸውን ቦታ ኪህቡ ፍቓደኛታት ኣይነበሩን፡ ካብ ናይቲ እዋን ሰባት ከብቶም ሒሾም። መድሓኒ፡ ንጉስ ሰማይን ምድርን ክርስቶስ ምውላዱ ነገስታት ከይሰምዑ፡ መጀመርያ ጓሶት ተበሰሩ። “መድሓኒ ክርስቶስ ጎይታ ተወሊዱ እዩ እሞ ደስ ይበልኩም ተባህለ”። ጓሶት ድማ ናብ ቤትልሔም ኣምርሑ፤ ኣብ መብልዕ ማል ደቂሱ ብኣጭርቕቲ ከኣ ተጠቕሊሉ ረኸብዎ፤ ነቲ ሰማይን ምድርን ዘይጸርዎ ኣምላኽ፡ ስጋ ሰብ ለቢሱ፡ ኩሉ ኣብ ኢዱ ዝጸረ ኣምላኽ ውሱን ኮይኑ ከም ህጻን ጡብ ኣዲኡ ኪጠቡ ረኸብዎ። ነቲ ግብ ዝበለ ጸልማት ናብ ብርሃን ዝልውጥ፡ ንድነ ሞት ቀንጢጡ ህይወት ዝህብ ጎይታ መላእኽትን ጓሶትን ብሓባር ከምዚ ኢሎም ዘመሩ “ስብሓት ለእግዚኣብሔር በሰማያት፡ ወሰላም በምድር ስምረቱ ለሰብእ”። ጎድኒ ጎድኒ እዚ ድማ በቲ ዘይምርምር ስልጣኑ “ካብ ያዕቆብ ኮኸብ ብርሃን ወጸ ሓጢኣት እስራኤል ከኣ ኣርሓቐ” ዝብል ትንቢት ምእንቲ ኪፍጸም፡ ሰብ ኣሰገል (ጥበብ) ካብ ርሑቕ ቦታ ብኮኸብ ተመሪሖም ናብቲ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ምስ ወዳ እዕሪፋትሉ ዝነበረት ደንበ መጹ። ብዓብዩ ታሕጓስ ድማ ወርቂ ንንግስነቱ፤ ዕጣን ንክህነቱ፤ ከርበ ድማ ንሞቱ ዘመልክት ህያባት እናሃቡ ፍግም ኢሎም ሰገዱ። እቲ ዘገርም ግን መብዛሕትኦም ነበርቲ ኢዮሩሳሌም፡ ሹማምንትኦምን ነገስታትቶምን ኣብ ኢዮሩሳለም በታ ለይቲ እቲኣ ንዝተፈጸመ፡ ታሪኽ ብምልእታ ዓለም ዝለወጠ፡ ዓብዩ ፍጻሜ ኣይፈለጡን ነበሩ። ምኽንያቱ ልቦም ካብ ኣምላኽ ሸፊቱ ብዓለማዊ ነገራት ተኣሳሲሩ ስለዝነበረ ትንቢት ንምምርማርን እቲ ናይ ምድሓን እዋን ምጽባይን ዝይከኣሉን።

መጽሓፍ ቅዱስ ከምዝምህረና መድሓኒና ክርስቶስ ዝተወልደሉ ዕላማታት ኣዚ ዝስዕብ እዩ ዝነበረ፡- ግብሪ ሰይጣን ከፍርስ (1 ዮሃ 3፡8)፤ ዝጠፍኡ ኪመልስ፡ ንዝተጎድኡ ኪፍውስ (ሉቃ 19፡10)፤ ህይወት ኪህብ (ዮሃ 10፡10)፤ ንሰይጣን ኪስዕር (ዕብራ 2፡14-18)፤ ሓጢኣተኛታት

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፤ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።

ከድሕን (1ጢሞ 1፡15)፣ ሓቂ ክምስክር (ዮሃ 18፡37)፣ ትንቢት ኪፍጽም (ሉቃ 24፡44፥ ዮሃ 5፡46፥ ዮሃ 19፡30)፣ ንድኻታት ወንጌል ኪሰብኽ (ሉቃ 4፡17-20)፣ ዘልኣለም ህይወት ኪህብ (ዮሃ 3፡16)፣ ጽድቂ ኪኾነልና (ርሜ 8፡1-2)።

እዚ ዕላማታዚ ንኽፍጸም እቲ ሰማይን ምድርን ዝፈጠረ ኣምላኽ መን ኮይኑ ኪውለድ ኣድለየ? ሰብ ኮነ (ዕብ 4፡15)፣ ንዝጠመዩ ምእንቲ ከጽግብ እንጀራ ህይወት ኮነ (ዮሃ 6፡35-39)፣ ኣብ ናይ ሓጢኣት ጸልማት ንዘሎዉ ብርሃን ኮነ (ዮሃ 8፡12)፣ ጓሳን ኣላይን ንዝሰኣኑ ሕይዋይ ጓሳ ኮነ (ዮሃ 10፡11፥ ሕዝ 34፡1-30)፣ ሞት ንዝበርትዖምን ተስፋ ንዞቕረጾምን ህይወት ኮይኑ (ዮሃ 11፡25)፣ ናብ እግዚኣብሔር ኪበጽሑ ንዘይከኣሉን መንገዲ ንዝጠፍኦምን ዘየጋጊ ምንገዲ ኮነ (ዮሃ 14፡6)፣ ንሓቂ ሓሶት፡ ንሓሶት ከኣ ሓቂ ንዝለዋውጡ ሓቂ ኮነ (ሮሜ 7፡24-25)፣ ሓድነትን ሰለስትነትን ንዘይተገልጸሎም ትምህርተ ሥላሴ ኪገልጸሎም ተጋህደ (ዮሃ 14፡8)፣ ድሕነት ንዘይረኸቡ እንኮ መድሓኒ ኮይኑ ተገልጸ (ዮሃ 10፡8)፣ ጣዕምን ትርጉምን ህይወት ንዝሰኣኑ ሓቀኛ ጉንዲ ወይኒ ኮይኑ ተጋህደ (ዮሃ 15፡1)።

ክቡር ክርስትያን እዚ ክቡር በዓል ኣብ ነብዕለሉ ዘሎና እዋን፡ ልደት በቲ ሓቀኛ ትርጉምን ዕላምኡንዶ ተብዕሎ(ልዮ) ኣሎኻ (ኺ)? መድሓኒና ክርስቶስ ብምኽንያት ሕጊ ምፍራስ ናይ ኣቦና ኣዳምን ኣዴና ሂዋንን ዝሰኣንናዮ ክብሪ ኪመልሰልናን፡ ሕዳሴ ህይወት ኪህበና ከምዝመጸ ክንዝክርን ንዕኡ ዝበቕዕ ህይወትን ኪንመርሕን ብመንፈሱ ይደግፈና። ክብሪ ንኣምላኽ ኣብ ላዕሊ ኣብ ሰማይ ሰላም ድማ ኣብ ምድሪ ይኹን።

ትርጉም፡ ክፍሊ ስነ-ጽሑፍ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ፣ ን/ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።
ብፍቓድ ደራሲ መም. ልዑለቃል ኣካሉ።